ናብ ዝኸበርኩም ኣባላት ማ.ል.ት
ሰሜን ኣሜሪካ

እንኳዕ ንበዓል ትንሳኤ ብሰላም ኣብፀሓኩም::

ማ.ል.ት ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ንምትካልን ንምጥንኻርን ኣብ ዝገበርኩዎ ምንቅስቓስ ካብ ኩሉ ትግራዋይ ዝተገበረለይ ምትሕብባር ካብ ልቢ ብጣዕሚ የመስግን::

ምጥያሽን ምጥንኻርን ማ.ል.ት ብናይ ትግራዋይ ሙሉእ ሓድነት ክስነ ከምዘለዎ ተኣማሚና ዝተመረፁ ናይ ልምዓት ኮሚቴታት ሕብረት ትግራዋይ ንኽረጋገፅ ከምኡ'ውን ድኽነት፣ መሃይምነት፣ ሕማም ካብ ትግራይ ክጠፍእ ብማ.ል.ት ኣቢሉ ክሕግዝን በዓል ዋና ኮይኑ ክዋሳእን ቃል ኣትዩ ኣሎ::

ስለዝኾነ'ውን ቦስተን (1)፣ ቺካጎ(1)፣በይኤርያ(1)፣ ኣትላንታ(1)፣ ስያትል(2)፣ ላስቬጋስ(1)፣ ሳንዲያጎ(1)፣ ደንቨር(1)፣ ኒውዮርክ(1)፣ ኖርዝ ካራሎይና(1)፣ ዋሽንግተን(4)፣ ክሳብ 15 ቤት ትምህርታት ንምስራሕ ወሲንኩም ኣለኹም::

እዞም ቤት ትምህርታት ንሓደ ቤት ትምህርቲ USD 35,000 ሒሳብ ህዝቢ ትግራይ ካብ ኣብ ሰ/ኣሜሪካ ዝርከቡ ተጋሩ ክሳብ USD 545,000 ረኺቡ ኣሎ::
ቤት ትምህርታት ዝስረሐሉ ህዝቢ'ውን ብጉልበትን ማተሪያልን ክንድኡ ዝኸውን ከበርክት'ዩ::

እዚ መስተክራዊ ድሙቕ ሓገዝ እዙይ ህዝብና ደቂ ኣብ ቀረባ ብዝተምሃሩ ቁፅሪ እንዳመረቑን እንዳዘከርኹምን ከምዝነብሩ ፍሉጥ'ዩ:: ማ.ል.ት እውን ምስጋናኣ እናዳቕረበት ኣብ ዋሽንግተን ምስ ኮሚቴ ማ.ል.ት ኮይና ቤት ትምህርቲታት ዝስርሓ ወረዳታት ዕፃ ወዲቑ ንንብሲ ወከፍ ስቴት ከምዚ ዝስዕብ በፂሕወን ኣሎ::

| <u>ስቴት</u> | <u>ወረዳ</u> |
|---|---|
| 1. ቦስተን | ወልቃይት |
| 2. ቺካጎ | ስሓርቲ ሳምረ |
| 3. በይኤርያ | ኣስገደ ፅምብላ |
| 4. ኣትላንታ | ፀለምቲ |
| 5. ስያትል | ታሕታይ ኣድያቦ |
| 6. ላስቬጋስ | ቃፍታ ሑመራ |
| 7. ሳንዲያጎ | |
| 8. ደንቨር | |
| 9. ኒውዮርክ | |
| 10. ኖርዝ ካራላይና | ኦፍላ |
| 11. ዋሽንግተን | ራያ-ዓዘቦ |

ሐድነትናን ልምዓትናን ይጠንክር

ኣምባ/ ተወልደ ገብሩ